Network of Eritreans for Constitutional Governance (NECG)

መርበብ ኤርትሪያዉያን ንቅዋማዊ መንግስቲ

# ካልኣይን፣ ሳልሳይን፣ ራብዓይን ሞት ሰማእታትና

ቀንዲ መራሒ ናይ'ቲ ንሃገርና ኤርትራ ወሪዱዋ ዘሎ ጭው ዝበለ ዓማጺ ምለኪ(Tyranny)፣ ሃጸየ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፣ ንሰማእታትና ብጀካ ካልኣይን ሳልሳይን ራብዓይን ሞት ዘብል ስራሓት ካልእ ኣይሞትኩምን ዘብል ዋላ ሓንቲ ዝገበሮ ዘይብሉ ኣብ መዓልቲ እዚ 20 ሰነ 2008 ዝሓለፈ ዝኸረ ሰማእታትና ኣፉ መሊኡ ነዚ ዝስዕብ ዘስደምምን ዉርዙይን ዘረባ ኣስሚዑ፣-

“ቀዲመ ንኹሎም ንናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ክውንን ህሉውን ዝገበሩ
ምእንቲ'ዛ ህገርን ምእንቲ ዕብየታን ልምዓታን ተወፊና ክንሰርሕን ክንቃለስን ፍናን
ዘቐመሱናን። ሓላፍነትና ከነልዕል ሕድሪ ዘሰከሙናን ሰማእታት ኣይሞትኩምን ክብል
እፈቱ፣
ንኤርትራ ናይ ኣማን ናጻን ልዑላውነታ ዝኸበረን ምእንቲ ክትከውን ናይ ኣማን
ርህውቲን ምዕብልቲን ምእንቲ ክትከውን ልምዓታዊ ተልእኾ ንምዕዋት እናሓየለ
ዝካየድ ዘይሕለል ስራሕ መግለጺ ናይ ኣይሞትኩምን'ዩ፣
ብህይወቱ ውርደት ዝተሰከመ'ምበር ብሓበን ዝተሰውአ ኣይመውትን'ዩ፣
ዝተረስዐ'ምበር ኣብ ኣእምሮ ህዝቡ ዝነብር ሓርበኛ ኣይመውትን'ዩ፣ ንሰማእታቱ
ኣይሞትኩምን ዝበለ ህዝቢ ኤርትራ ክብረትን ሞሳን ይሃቦ”

ናጽነትን ለኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ገለ ሰባት እንኮላይ እዚ ንዓድና ብሓይሊ ብረት ጎቢጢ ሒዙ ንሱ ብዝበሎን ብዝደለዮን ብዝሓልሞን ጥራይ ዝገዝኣ ዘሎ መራሒ ተረፍ መረፍ ህግደፍን ህግደፍ ኢና በሃልቲ ደቂ መዛምርቱን ተደናጊጾም ዝተኾቡልና፣ ዓንቀጽ 39 ቅዋም ኢትዮጵያ(መሰል ርእሰ-ውሳኔ) ዘፍቀደልና፣ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ወሪዱ ዝተረኸበ፣ ዊን ድማ ገለ ሕያዎት ግብረ-ሰናይ ሃገራት ባሪኸንን ኣጽዲቖንን ዝተመባጻዓልና ዘይኮነስ ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኣዕጽምቱ ሓምሺሹን ደም ነቲዑን ተሓሊቡን ኣብ ዓለም መዘና ዘይርከቦ ዓቢ መስዋእቲ ኸፊሉ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪር ብረታዊ ቃለሲ ዘምጻኦን ዝዓተሮን ፈጺምካ ኣሉ ክባሃል ዘይካኣል ታሪኸኻዊ ሓቂን ሩኡይን ህሉውን ከውንነትን ኢዩ:: እወ፣ ብዛዕባ ናጽነትን ለኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ብዝኾን ይኹን መንገዲ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ወላ ሓንቲ ዝእውደና የብሉን::

ተረፍ መረፍ ዘበለኒ እቶም ህግደፍ ዝብል መጸዋዕታ ሒዞም ዝዋስኡ ዘለዉ ውለቀ ሰባት ንኸምስሉን ንመሸቀጢን ድኣምበር ህግደፍ ከም ውድብ ከምዘየላ ንኽሕብር ደልዩ ኢየ:: ህግደፍ ከም ሓደ ውድብ ካብ እዘይትእከብ ኣስታት ልዕሊ 14 ዓመታት ኮይኑዎ አዩ::ንልዕሊ 14 ዓመታት ዘይታአከበት ውድብ ካኣ ኣይኮነን ዶ የላን፣ ፈጺማ ጠፊኣ እንተተባህለ እውን ኣዝዩ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን::

ናጽነትን ለኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ሰማእታትና (መንግስቲ ሰማይ የዋርሶም) በቲ ዝኸበረን መዘና ዘይቡሉን መስዋእቶም ብዘይ የማትእን ዘየካትዕን ንዘለኣለም ኣውሒሶሞ ኢዮም:: ነባሪ ኢዩ:: ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ክሕከኽን ክድምሰስን ዘይክእል ዱልዱል ክውንነት እውን ኢዩ:: ከም'ኡ ናይ ዝኾነ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ናጽነትን ለኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዝኸደና የብሉን ክኸደና'ውን ኣይክእልን::

ነቲ ብኹቡር መስዋእቲ ሰማእታትና ዝተዋሕሰን ዝተረጋገጸን ነቕ ዘይብል ክዉንነትን ህሉውነት ናጽነትን ልኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ግምጥል ኢልካ ናጽነት ኤርትራ ክዉንን ህሉዉን ይኹን ዶ ኣይኹን ኢልካ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእቲኻ ምጥላዕ ንጹር መግለጺ ናይ ሰማእታትና ካልኣይ ሞት እምበር ፈጺሙ ኣይሞትኩምን ዘብል ኣይኮነን:: ንምንታይ ነቲ ሰማእታትና ዝተሰዉኡሉን ሕድሪ ኢሎም ዝገደፉልናን ቁዱስ ናጽነትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ እንክይሓፈረን እንክይሓነኸን ጠሊሙ ፈጺሙ ኣብ ሕቶ ክኣቱ ዘይበሉ ሕድሪ ሰማእታትና ብኢደ ወነኑ ኣብ ሕቶ ናይ ዛእተዎ ኢዩ::

ናጽነትን ልኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ኣብ ሕቶ ኣየእቶናዮን እንታይ ድኣ ሕጋዊነት ጥራይ ኢና ኣልቢስናዮ ዝብል ነቲ ጭውው ዝበለ ጥልመት ሕድሪ ሰማእታትና ነምኽዋል ተባሂሉ ዝፍኖ ዕባራ መመኽነይታ እውን ኣሎ:: እዚ ኸም'ዚ ዝኣምሰለ ዕባራ መመኽነይታ ሙዉት ስነ-ሞጎት ይባሃል:: ንምንታይ ዝኣወጅዎ ናጽነትን ልኡላዊነትን ዘይብሎም ነየናይ ናጽነትን ልዑላዊነትን ዳኣ ኢዮም ሕጋዊነት ከነልብሶ ዝብሉ? ብመሰረት እቲ ዓቢ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ሕድሪ ሰማእታትና እቲ ናይ ግድን ክግበር ዝነበሮ ግና ዘይተገብረ ቅድሚ ኹሉ ናጽነትን ልኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ምእዋጅ ኢዩ ነይሩ:: ድሕሪኡ እንተዳኣ እቲ ዝኣወጅናዮ ናጽነትን ልኡላዊነትን ሃገርና ኤርትራ፣ ወላ'ክዋ ዘፍረሶ ዝኾነ ይኹን ሕጊ እንተዘየሎ፣ ናይ ግድነን ሕጋዊነት ክነልብሶ ኣለና ተባሂሉ ንዓና ብዝጥዕመና መንገዲን ሕብረተ ሰብ ዓለም ብዝቕበሎ ኣገባብን ንኽነሳልጦ ዋላ ሓንቲ ዝሽልኣና ኣይነበረን ክህሉ'ውን ኣይክእልን:: እዚ ኢዩ እምባኣር እቲ ነቲ ሰማእታትና ዝገደፉልና ሕድሪ ዘዕቅብን ዘውሕስን እኑኮ ቁኑዕ ኣገባብ::

እምበር ነቲ ሰማእታትና ህይወቶም ኣሕሊፎም ብዘየማትእ ዘውሓስዎን ዝተረኽበን ናጽንትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ተጠዊኻ ይኹን ዶ ኣይኹን ኢልካ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምውራድ ንሰማእታትና ካልኣይ ዝቐትልን ነቲ ፈጺሙ ኣብ ሕቶ ክኣቱ ዘይብሉ መስዋእቶም ኣብ ሕቶ ዘእቱን ጭውው ዝበለ ጥልመት ሕድሪ ሰማእታትናን ዝወጸሉ ክሕደት ናየ'ቲ ብሰማእታትና ዝተዋሕሰ ልዑላዊነትን ናጽነትን ሃገርና ኢዩ::

"እዚ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዶብ ክጠፍእ ኢዩ፣ ኣብ ሞነጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካኣ መጸዋዕትኡ ዘየገድስ ሓድነት ክፍጠር ኢዩ" ኢልካ ኣዳዕዲዕካ ምእዋጅ ካኣ ንጹር መግለጺ ናይ ሰማእታትና [ሳልሳይ ሞት] እምበር ፈጺሙ ሰማእታትና ኣይሞትኩምን ዘብል ኣይኮነን:: ንምንታይ ነቲ ሰማእታትና ኩቡር ህይወቶም ኣሕሊፎም ዘዉሓስዎን እሞ ኻኣ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ግድን ኮይኑዎ ብድምጹ ዳግም ዘረጋገጾ ናጽነትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ኣግሂዱ ዝጠልምን ብኹቡር መስዋእቲ ሰማእታትና ምልጋጽ ናይ ዝኾነን ኢዩ::

ከም'ዚ ኢልካ ዘይ ይባሃልን ዘይ ይዝረብን ኣስሚዕካን ዘይ ይጥለም ጠሊምካን ዳሓር በቲ ካብ ኣፍካ ዝወጸ ምስ ተተሓሓዙኻ ግምጥል ኢልካ ናጽነትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ተደፊሩ ኢልካ ምእዋይ እቲ ወግሐ-ጸብሐ እትሓልሞን እትምነዮን እትሓስቦን ዝነበርካ ምጥፋእ ዶብን ሓድነት ምስ ኢትዮጵያን ሸቱኡ ናይ ዘይ ይሃረመ ድኣምበር ኣበይ ዝነበረ ሓልዮት ናጽነትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ድኣ::

ዓድና ወሪዱዋ ዘሎ ጭውው ዝበለ ሑሉፍ-ምልኪ (Tyranny) ከም ዝኾነን ህዝቢ ኤርትራ ኻኣ ግዳይ ማእለያ ዘይብሉ ዓመጽ ናይ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ምልኪ ኮይኑ ከምዘሎን ቀንዲ መራሒ ምልኪ ህግደፍ ሃጽየ ኢሰያስን ተረፍ-መረፍ ህግደፍ ደቂ መዛምርቱን ኣሉ ክብሉዎ ዘይክእሉ ጉሁድ ክዉንነት ኢዩ:: እዚ ድማ ንጹር መግለጺ ናይ ሰማእታትና [ራብዓይ ሞት] እምበር ፈጺሙ ሰማእታትና ኣይሞትኩምን ዘብል ኣይኮነን::

ሰማእታትና ምእንቲ ናጽነትን ሓርነትን ሃገርና ካብኡ ሓሊፎም እውን ሃገርና ዴሞክራሲን ፍትሒን ራሕህዋን ሰላምን ዘለዋ ንኽትከውን ኢሎም ኽብረቲ ህይወቶም ኣሕሊፎም ሂቦም:: ንሱ ድማ ኢዩ እቲ ዝገደፉልና ዓቢ ሕድሪን ዘይሕንጸጽ ታሪኽን::

ቀንዲ መራሒ ምልኪ ህግደፍ ሃጽየ ኢሰያስ ነዚ ቁጹስ ሕድሪ ሰማእታትና ረጊጹን ጉሒፉን፣ ንህዝቢ ኤርትራ ልኡላዊነቱ መንዚዑን፣ ንልዑል ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምዝራብ መሰሉ ቀንጢጡ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ዋንነት ሃገሩ አግዲፉ ንሃገርና ናብ ብሕታዊ ጥረቱ ቐይሩ ኣነጻር ድሌትን ተወካስነትን ህዝቢ ኤርትራ ንሃገርና ብሓይሊ ብረት ጎቢጡ ሒዙ ህዝቢ ኤርትራ ናተይ ኢዩ ብዝብሎ ዓንዲ ሕጊ ዘይኮነስ ጥራይ ነሱ ብዝበሎን ዝደልዮን ወግሐ-ጸብሐ ብዝሓልሞን ይገዝእ ከምዘሎ ኣሉ ክባሃል ዘይካኣል ጎሁድ ክዉንነት ኢዩ:: ከም'ዚ ዝኣምሰለ ኩነታተት ኣነጻር ሕድሪ ሰማእታትናን ንሰማእታትና መሊሱ ዝቐትልን እመበር ወላሓንቲ ኣይሞተኩምን ዘብል የብሉን::

እቲ ኣብ ፈቐዶ ተለቪዥን እነዳተራኤኻ ንህዝቢ ኤርትራ ምርጫ ቅድሚ 30 ዊን 40 ዓመታት ኣይትረኽቦን ኮታ ብዓይንኻ ውን ኣይትርእዮን ኢኻ ዝብል ንዕቀት ዝሓዘለ ዘረባ ካኣ ንጹር መግለጺ ናይ ጭው ዝበለ ምልኪን ንሰማእታትና **ሓሙሻይ ሞት** ዘብልን እምበር ፈጺሙ ሰማእታትና ኣይሞትኩምን ዘብል ኣይኮንን:: ንምንታይ ነቲ ሰማእታትና ብኹቡር መስዋእቶም ዝገደፉልና ዴሞክራሲ(ብህዝቢ፣ ንህዝቢ፣ ናይ ህዝቢ ዝኾነ መንግስቲ) ዝብል ሕድሪ ኣግሂዱ ናይ ዝጠልም::

እዚ ወግሐ-ጸብሐ መሊሶም መላሊሶም ንህዝቢ ኤርትራ ዘስምዑዎ ዘለዉ መስዋእቲ ሰማእታትና ንኽምስሉን ቡኡ ኣቢሎም ኻኣ እዚ ኹሉ መስዋእቲ ከፊልኩም ዘምጻእኩማን ዝረኸብኩማን ናጽነት ሃገር ንሕና እንተ ዘይሃሊናን ምሳና ጠጠው እነተ ዘይበለኩም ከግዱፉኹም ኢዮም፣ ክተሞለቆኩም ኢያ፣ ሃገር ካኣ ብሃይማኖት ብዓሌት ብወገን ተመቓቒላ ከም ሶማል ሕንፍሽፍሽ ክኣትዋ'ዩ ኢልካ ኣፈራሪህካ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ወሪዱዎ ዘሎ ዓማጺ መልኪ ንኽይርእዮ ንምዕዋር ደይመደይ ኢሎም ዕምሪ ምልኪ ንምንዋሕ ዝዋሱኡሉ ስልቲ ድኣምበር ምለኪ ሃጽየ ኢሰያሰን ተረፍ-መረፍ ህግደፍ ደቂ መዛምርቱን ዓቀብቲን ሓለይትን ሕድሪ ሰማእታትና ኮይኖም ኣይኮንን፣ ህዝቢ ኤርትራ ኻኣ ንናጽነት ሃገሩ ዝኸፈሎ ዓቢ መስዋእቲ ዱሮ ረሲዑዎስ ምዝኽኻር ናይ ዘድለዮ እውን ኣይኮነን::

እቲ ብኹቡር መስዋእቲ ሰማእታትና ብዘይ የማትእን ዘይ የካትዕን ዝተዋሕሰ ነቕ ዘይብል ናጽነት ሃገርና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣብ ዝኸደና ዘይ ይብሉ ክነሱ ቅድም ሃገር እንዳበሉ ንህዝቢ ኤርትራ ኣእዛኑ ዘጽሙሙሉ ዘለዉ ጭርሖ እውን እንተኾነ ህዝቢ ነቲ ወሪዱዎ ዘሎ ዓማጺ ምልኪ ንኽይ ርእዮ መዐወሪን ኣነጻሩ ንኽይ ይላዓል መፈራርሂን ድኣምበር ሓቂ እነተ ኣሊዩዎም ቅድም ሃገር ኢሎም ነቲ ንዓድና ኣውሪዶምላ ዘለዉ ዓማጺ ምልኪ ጻኣ ጠጠው ዘይ የብልዎ ኢዮም:: ከም'ዝስ የለን:: ቅድም ሃገር እናበልካ ንህዝቢ ግዳይ ማእለያ ዘይብሉ ዓመጽ ጭው ዝበለ ምልኪ ጌርካ ነቲ ዘወርዶ ዘሎ ዓመጽ ካኣ እንከይ ኣእዌኻ ሓንጎፋይ ኢልካ ተቐበሎ፣ ፈቲኻ ጸሊእካ ዋሓጦ፣ ካብኡ ሓሊፈካ ተምጽኦ የብልካን ምባል::

ይኣክል፣ ነገር እዚ ንዓድና ወሪዱዋ ዘሎ ኣፍ ኣውጺኡ ዓው ኢሉ ድዛረብ ዓማጺ ምልኪ ሃጽየ ኢሰያስን ገለ ደቂ መዛምረቱን ጺሒፍካን፣ ጸብጺብካን፣ ተዛሪብካን ብሓደ ግዝየ ዝውዳእ ኣይኮነን:: እነዳ ኣዕረፍና እንተ ተተሓሓዝናዮ ዝሓሸ ኾይኑ ይስማዓኒ:: እሞ ኣብ መዕጸዊ ጽሑፈይ ክኣቱ::

ቅድም ሃገር ይበሉ፣ ቅድም ዶብ ይበሉ፣ ብመስዋእቲ ሰማእታትና ይሽውልዎ፣ ዝኾን ይኹን ካልእ እንተበሉን እንተገበሩን እዉን ነዚ ወሪዱና ዘሎ ምልኪ ቁኑዕ ዝገብሮ ወላሓንቲ የለን::

እዚ ህግደፍ ዝብል ጉልባብ ተኸዲኑ ብቐንዲ መሪሕነት ሃጽየ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንሃገርና ወሪዱዋ ዘሎ ጭው ዝበለ ዓማጺ ሕሉፍ-ምልኪ(ቲራኒ) ካልኣይ ሳልሳይ ረብዓይ ሓሙሻይ ኮታስ ድርብ ደራርብ ሞት ሰማእታትና ዘብል ድኣ እምበርም ኣይሞትኩምን ዘብል'ሲ ወላሓንቲ የብሉን::

ሰማእታትና ኹቡር ህይቶም ኣሕሊፎም ሕድሪ ኢሎም ዝገደፉልና ክብረት ናጽነትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝኾን ይኹን ኩነታት ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንኽዕቀብን ነባሪ ንኽኸውንን ኢሎም ድኣምበር ሃጽየ ኢሰያሰን ደቂ መዛምርቱን ከከም ፖለቲካዊ ዊንታቶምን ህርፋኖምን ክጥዕሞም እነከሎ ንኽጠልሙዎ ክሽፍኦም እንከሎ ንኽዕቅቡዎ ኢሎም ንዓኣቶም ብፍላይ ዝገደፉሎም ኣማራጺ ኣይኮነን።

ሃጽየ ኢሰያስ ኣፈወርቂን ደቂ መዛምርቱን ክብረት ናጽነትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ መጣሊዒ ውልቃዊ ፖለቲካዊ ረብሓታቶም ጌሮም ኣሕሲሮሞ ክነሱ ሕጂ ዘይኸውን ምስ ኮነካ ንድሕሪት ተመሊሰካ ብዛዕባ “ናጽነትን ልዑላዊነትን ኤርትራ ዝኸበረ ምእንቲ ክኸዉን እናሓየለ ዝካየድ ዘይሕለል ስራሕ” ምጅሃር ብኹቡር መስዋእቲ ሰማእታትና ምውርዛይን ምልጋጽን ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

ክብረት ናጽነትን ልዑላዊነትን ሃገርና ኤርትራ ሰማእታትና ብመስዋእቶም ኣውሒሶሞ ኢዮም። ንሃገርና ኣብ ክነዲ ከም ብሕታዊ ጥሪቶም ጌሮም ንህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ዓመጽ ጭውው ዝበለ ሑሉፍ-ምልኪ ዝገብሩዎ ከም’ቲ ንሓንቲ ልዑላዊት ሃገር ዝግባእን እሞ ኻአ ሰማእታትና ሕድሪ ኢሎም ዝገደፉልናን ኣገባብ እንተ ዘመሓድሩዋ ኔሮም ኣብ’ዚ ኹሉ ዘብጽሕ ኣይምነበረናን ክብረት ናጽነትን ልዑላዊነትን ኤርትራ እዉን ዝትንክፎ ኣይምሃለወን።

ንሰማእታትና ብሓቂ ኣይሞትኩምን ዘብል ንጹርን ዘየካትዕን ህያውን መግለጺ፣ እዚ እነዳረሰነ ዝመጽእ ዘሎ መኸተ ኣንጻር እዚ ንዓድና ወሪዱዋ ዘሎ ዓማጺ ምልኪ ዝብል ቃልሲ ጥራይ ኢዩ። ከመይ ነቲ ሰማእታትና ዝሞቱሉ ግና ዓማጺ ምልኪ ህግደፍ ዝጠለመና ንሕና ጸረ-ምለካዉያን ብግብሪ ንቃለሰሉ ናይዘለና። እወ ምንቅስቓስ ህዘባዊ መኸተ ኣንጻር ምልኪ ንሰማእታትና ኣይሞትኩምን ዝብል እንኮ ህያው መግላጺ ኢዩ።

ብርሃነ መ ተኽሰተ
ካብ ኣሜሪካ
27 ሰነ 2008